CATHOLIC EPARCHY OF ASMARA
ASMARA - ERITREA

P. O. Box 244
Tel. 00291-1-12 02 06
Fax 00291-1-12 65 19

11 መስከረም 2020
፩ መስከረም ፳፻፲፫

# "ናብ ፈተና ኣይተእትወና፣ ካብቲ ክፉእ ደኣ ኣድሕነና"

ክቡራትን ክቡራንን ሕዝበ እግዚኣብሔር

"ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ንብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩልኻትኩም ይኹን" (2ቆሮ 13:13)።

ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ግእዛዊ ሓዲሽ ዓመት ፳፻፲፫ ከም ኣርእስቲ መልእኽተይ ነቲ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ጸሎት ከምህሮም ከሎ "ናብ ፈተና ኣይተእትወና ካብ ክፉእ ደኣ ኣድሕነና" (ማቴ 6:13 ፣ሉቃ 11:4) ዝብል ክኸውን መሪጸ። ነዚ ኣርእስቲ እዚ ዘምረጽኒ ምኽንያት ከኣ ፍሉጥ እዩ። ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይሩስ ናብ መላእ ዓለም ካብ ዝኣቱ ድሮ ሹዱሽተ ወርሒ ሓሊፉ። ኣብቲ መጀመርያ ንኩላትና ብሓጺር እዋን ተሸኒፉ ዝዕገት እሞ ኩልና ናብ ንቡር ሒይወትና ንምለስ እዩ መሲሉና ነቢሩ። ከምቲ ዝሓሰብናዮን ዝተመነናዮን ግን ኣይኮነን። መጥቃዕቲ ናይቲ ሕማም ቀጺሉ፣ ምውሻብ እውን ማዕረ ማዕረኡ ተናዊሑ። ሕማምን ሽግርን ክነውሕ ከሎ ከኣ ኣዝዩ ፈታኒ እዩ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ነዚ ፈሊጡ እዩ "ናብ ፈተና ኣይተእትወና" እናበልና ወትሩ ክንጽሊ ዝመሃረና። ንሕና ድኹማት ኢና። ብቐሊሉ ተሰፋ ክንቖርጽ፣ ብቐሊሉ ክስልኪዩና፣ ብቐሊሉ ክንጠራጠር ንኽእል። እግዚኣብሔር እንተዘይ ኣበርቲዑና ብቀሊሉ ክንሸነፍ ንርከብ ። ንእምላኽናውን ክንማርር ንኽእል። ኣብዚ እዋን እዚ እምበኣር፣ ንምኽሪ ቅዱስ ያዕቆብ ብፍሉይ ክንንብቦን ክንዝክርን ኣሎና። "እቲ ብገዜ ፈተና ዝዕገስ ሰብኣይ ብፁዕ እዩ፣ ከመይ ተፈቲኑ ምስ ወጸ ነቲ እግዚኣብሔር ነቶም ዘፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ሕይወት ክቕበል እዩ። ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል፣ ከመይ ኣምላኽሲ ብእኩይ ኣይፍተንን ፣ ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንንን እዩ። ነፍስ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተሳሒቡ ተሓቢሉን እዩ ዚፍተን። ሽዑ ትምኒት ምስ ጠነሰት ንኃጢኣት ትወልዳ፣ ኃጢኣት ምስ ተፈጸመት ድማ ንሞት ትወልዳ"(ያዕ 1:13-15)።

ኣብዚ ንቕበሎ ዘሎና ሓዲሽ ዓመት ማቴዎስ ወንጌላዊ ነዚ ኣስተንትኖ እዚ ክንገብር ከሎና ብዙኅ ከጠቕመና ምኽኑ ዘጠራጥር ኣይመስለንን። ነዚ ፈታኒ እዋን ብእምነትን፣ ብትብዓትን ብተስፋን ክንሰግሮ ኣሎና። ብኃይሊ ጐይታ፣ እዚ ጸገም ክሓልፍ፣ እዚ ጸልማት ከኣ ከወግሕ ምኻኑ ርግጸይናታት ክንክውን ንኽእል ኢና። ስለዚ ንተን "ብቲ ኃይሊ ዝህበኒ ክርስቶስ ንኹሉ ክኽእሎ እየ"(ፊል 4:13)ዝብላ ቃላት ቅዱስ ጳውሎስ ጸሎትናን ጭርሖናን ንግበረን።

ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ፈተናታት፣ ካብ ውሽጥና/ርእስና፣ ካብ ኣብ ከባቢና ዝተፈጥረ ኩነታት፣ ካብ ምሳና ዝነብሩን ዝሰርሑን ሰባት፣ ካብ ሰይጣን እዮም ክመጹና ዝኽእሉ። ቅዱስ ጴጥሮስ ካብ ሰይጣን ንዝመጽእ ፈተናታት ከመይ ገርና ክንገጥሞን ክንሸንፎን ከምዝግብእና፣ "ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም ዚውሕጦ ደልዩ ከም ዚጓዝም ኣንበሳ ይዘውር ኣሎ እሞ ተጠንቀቑ፣ ንቕሑ። ኣብ እምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ፣ ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለው ኣሕዋትኩምውን እዚ መከራ'ዚ ይበጽሖም ከምዘሎ ትፈልጡ ኢኹም"(1ጴጥ 5:8-9)እናበለ ንጹር መምርሒ ይህበና። ንዝመጽና ፈተናታት ምእንቲ ክነሸንፍ፣ ከእለትናን ዓቕምናን ኣለሊና፣ ኣዚና ክንጥንቀቕ፣ ክንነቕሕ ከምኡውን ኣብ እምነትና ክንጸንዕ ኣገዳሲ ምኻኑ ይምዕደና ኣሎ። ቅዱስ ያዕቆብ እውን ደጊሙ "እምበኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝኡዎ፣ ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ። ንሱ ካኣ ካባኻትኩም ክሃድም እዩ"( ያዕ 4:7)ይብለና። ምስ ፈተና ምዝናይ፣ ምስ ሓዊ ምጽዋት እዩ ዝመስል። ከይተፈለጠና ቀስ ብቐስ ናብ ዘይደለናዮ ደልሃመት ክመርሓና ይኽእል። ንጐይታ ደኣ "ናብ ፈተና ኣይተእትወና" ንበሎ እምበር፣ ብወገንናውን ብንቕሓትን ብጥበብን እጃምና ክነበርከት የድሊ። እግዚኣብሔር ልዕሊ ዓቕምና ክንፍተን ኣይፈቕድን እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ፣ "እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዚመስሎ ከይወድቕ ይጠንቀቕ። ሰብ ኪጸሮ ዘይከኣል ፈተና ኣይበጽሓኩምን። ኣምላኽ እሙን እዩ። ስለዚ ካብ ዓቕምኹም ንንየው ክትፍተኑ ኣይኃድገኩምን እዩ። ምጽዋሩ ምእንቲ ክትክእሉ ግና ምስቲ ፈተናኹም መዋጽእ ገይሩልኩም ኣሎ"(1ቆሮ 10:12-13)እናበለ፣ ብሓቂ ጥበብ ዝመልኦ ዘጸናንዕ ቃላት ይልግሰልና። ነዚ ዘሎናዮ እዋንን ኩነታትን እምበኣር ብዓብይ ትዕግሥትን ትሕትናን እምነትን ክንኑብሮ እንተጽዒርና እቲ ፈተና ኣይከኽብደናን እዩ ኣብ መጨረስታኡ ድማ ክንዕወት ኢና።

ኣብዚ ዓለም ክሳዕ ዘሎና ንድኻምነትና ተጠቒሙ፣ ወትሩ ኪጋጥየናን ክጉድኣናን ዝደሊ ጸላኢ ከምዘሎና ክንርስዕ የብልናን። በዚ ምኽንያት እዩ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ "ካብ ክፉእ ደኣ ኣድሕነና"ኢልና ክንጽሊ ዝመሃረና። ሊቃውንቲ ቅዱስ መጽሓፍ ከምዝብሉና ግን እቲ ኢየሱስ ዝመሃረና ጸሎት ብሓፈሻ "ካብ ክፉእ" ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብፍላይ "ካብቲ ክፉእ" ከድሕነና ንእግዚኣብሔር ኣቦና ክንልምኖ ኣበራቲዑና ኣሎ። ከመይ ቀዳማይ ጸላኢና፣ እቲ "ሓሳዊ፣ ንሓሶትውን ኣቦኡ"(ዮሓ8:44) ዝኾነ ሰይጣን/ዲያብሎስ እዩ። "እቲ ፈታኒ ድማ መጺኡ፣ 'ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኮይንካስ እዘን ኣእማን እንጌራ ይኹና' በሎ። - ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኮይንካስ-ለሰከ ንታሕቲ ጽደፍ። - ተደፊእካ እንተሰገድካለይ እዚ ኩሉ ክህበካ እየ" (ማቴ 4:1-11 ረአ) እናበለ ንኢየሱስ ከምዝፈተኖ ወንጌል ይነግረና። ንመድኃኒና እኳ ዘይሓፈሮስ ንእና ግዳ ምስቲ ኩሉ ድኻምነትና ብቀሊሉ ከጥቅዓና ይኽእል እዩ። መድኃኔ ዓለም ግን ነቲ ኩነታትና ኣጸቢቑ ይፈልጦን ይርድኦን እዩ። ናብኡ እንተጐዪና ከኣ ክንዕወት ኢና። "እቶም ውሉድ ሥጋን ደምን ዘለበሱ ሰብ ስለዝኾኑ፣ ኢየሱስ ውን ከምኦም ሰብ ኮነ። እዚ ከኣ ብሞቱ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ስልጣን ዘለዎ ዲያብሎስ ምእንቲ ኪስዕር፣ ነቶም ብናይ ሞት ፍርሃት ምሉእ ዕድሜኦም ባሪዩ ኮይኖም ዚነብሩ ከኣ ሓራ ምእንቲ ኬውጽእ ኢሉ እዩ" (ዕብ 2:14-15)። ከም ይሁዳ ኣስቆርታዊ ወይ ከም ቃኤል ብቕንኣን ብትዕቢትን እንተዓዊርና ግን መሳርሒ እቲ ክፉእ ንከውን ማለት እዩ። "ኪድረሩ ከለዉ ከኣ ዲያብሎስ ናብ ልቢ ይሁዳ ወዲ ስምዖን ኣስቆረታዊ ንኢየሱስ ኬትንዞ ቅድም ሓሳብ ኣእትዩ ነበረ" (ዮሓ 13:2)። "ቃየል ከኣ ኣዝዩ ኮረየ፣ ገጹ ድማ ተጸወገ፣ እግዚኣብሔር ከኣ ንቃየል 'ስለምንታይ ኩሪኻ፣ ስለምንታይከ ትጽወግ? ጽቡቕ ገርካ እንተትኸውንሲ ገጽካ ምበርሀ ነይሩ። ጽቡቕ ስለዘይገበርካ ግና ኃጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ኮይና ትቃጸወካ ኣላ። ንሳ ክትስዕረካ ትደሊ ኣላ፣ ንስኻ ግና ከምእትስዕራ ግበር' በሎ" (ዘፍ 4:6-7)። ህኬት፣ ቍጥዓ፣ ቅንኢ፣ ስስዐቲ፣ ብዝቕልጠፈ ናብ ፈተና ከም እንኣቱ፣ መጋበሪ እቲ ክፉእ ከምእንኸውን ይገብሩና። በዚ እዩ ቅዱስ ጳውሎስ፣ "ክትቍጥዑ ከሎኹም ኣብ ኃጢኣት ከይትበጽሑ ተጠንቀቑ። ኣብ ቍጥዓኹም ጸሓይ ኣይትዕረብኩም። ንዲያብሎስ ከኣ መገዲ ኣይትሀብዎ" (ኤፌ 4:26-27) ዝብል።

ከምዚ ዘሎናዮ ኩነታት ክነውሕ ከሎ ብቐሊሉ ዘጋጥሙና ብድሆታት ሓድሓደ ክንጠቅስ እውን ንኽእል። ብቀዳምነት ምዕጻው እንተነዊሑ ጊዜኻ ከመይ ገርካ ፍርያም ትገብሮ ይጠፍኣካ። ብቐሊሉ ኣብ ቍምነገር ዘይብሉ ዕላልን፣ ኣርድወረን፣ ሓሜትን ከተድህብ ትፍተን። ሓቅን ሓሶትን ክትፈሊ ይጽግመካ። በዚ ከኣ ነቲ "ንገርኩምሲ ኣወ ፣ እወ፣ ወይ ኣይኮነን፣ ኣይኮነን ደኣ ይኹን። ካብዚ እንድኡ'ሪ በዚሑ ግና ካብቲ ክፉእ እዩ" (ማቴ 5:37) ዝብል ጥቡብ ዝመልእ ማዕዳ መድኃኒና ንርስዕ ማለት እዩ። ከምኡ እውን ግዲ ኣልቦነትን, ድንዛዘ ኅሊናን እናዓብለለካ ክኸይድ ይኽእል። ኩራ፣ ምጉርምራም፣ ቍጥዓ፣ እውን ኣብ ቀረባ እየን ዘርከባ። ሃኬትን ድቃስን ከምፍታሕ ናይ ብስጭትና ኮይነን ክረኣያና ይኽእላ። ገለ ገለ ከኣ ኣብ ጥንቆላን ካልእ ሰብኣዊ ፍታሕን ኣብ ምንዳይ ይዋፈሩ (ገላ 5:19-ፍ ረአ)። ንእና ግን እቲ "ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ"(ዮሓ 16:32) ዝበለና ወትሩ ክጽንዓናን ካብ ሰይጣንን ኩሉ ክፉኣን ክሕልወናን እዩ። "ጐይታ ግና እሙን እዩ፣ ከጽንዓኩም እዩ፣ ካብ ሰይጣን ከኣ ክሕልወኩም እዩ" (2ተሰ 3:3)። እዚ ግን ምስ ጐይታ

እንተተሓባበርና እዩ ዝኽውን። ከምቲ ቅዱስ ጴጥሮስ፣ *"ጐይታ ከኣ ኑቶም ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘለዎም ካብ ፈተና ከመይ ጌሩ ከምዘድኅኖም፣ ንገበርቲ ዓመጻ ድማ እናቐጽዐ ከመይ ጌሩ ክሳዕ መዓልቲ ፍርዲ ከም ዘጽንሖም ይፈልጥ እዩ"* (2ጴጥ 2:9)ዝበሎ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን ኣብ ጊዜ ሽግር ንርእስኻ እምበር ንድኻታት ዘይምሕሳብ ዓብይ ፈተና እዩ። ኣብዚ ጊዜ እዚ እንካ ዝብለና እምበር፣ ሃባ ዝብለና ኣይንፈቱን። ብቀሊሉ ፈተና ንፍንተ ክሸንፈና ይኽእል። ናብራ እንተከቢሩ፣ እቲ ዝድለውን እንተተሳኢኑ፣ ሰብ ከመጽኣና እንተረኣና ኩሉ ሃበኒ ዝብል ኮይኑ ይረኣየና እሞ ቀልጢፍና ንመልሲ ንቕረብ ወይ ድማ ንሃድም። ወዮ *"ጠሚየ ኣብሊዕኩምኒ፣ ጸሚአ ኣስተኹምኒ፣ ጋሻ ኮይነ መጺአ ተቐቢልኩምኒ፣ ዕሩቕ ከድንኩምኒ፣ ሓሚመ በጺሕኩምኒ፣ ተኣሲረ ኣጸናኒዕኩምኒ"* (ማቴ 25:35-36) ዝብል ቃል ጐይታ ደኣ ኣውራ ሎሚ እንድዩ ዝትግበር!።

ንኩሉ ፈተና ዝኽውን ፈውሲ ግን ቅዱስ ጳውሎስ ኣብታ ናብ ሰብ ኤፌሶን ዝጸሓፋ መልእኽቱ ዘርዚሩ ነጊሩና ኣሎ። *"ብዝተረፈ ኣንዋተየ፣ ብጐይታን ብጽንዓት ኃይሉን፣ ንፍሕሶ ሰይጣን ተቓዊምኩም ምእንቲ ክትክእሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ብምሉኡ ልበሱ።-ከመይ ቅልስና ምስ ሕልቅናትን ሥልጣናትን ምስቶም ንዘመን ጸልማት ዚመኃድሩ ገዛእቲ ዓለምን፣ ምስቶም ከፉኣት መናፍስትን ኣብ ሰማያት ዘለው እዩ እምበር ምስ ሰብ ኣይኮነን። እምበአር ብታ ክፍእቲ መዓልቲ ተቓዊምኩም ምእንቲ ክትክእሉ፣ ኩሉ ሰዒርኩም ከኣ ደው ክትብሉስ፣ ምሉእ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ደጊም ሕቘኹም ብሓቂ ተዓጢቕኩም፣ ድርዒ ጽድቂ ውን ተኸዲንኩም ቅሙ። ኑቲ ሰላም ዚህብ ወንጌል ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሣእን ብምእታው ተዳሊኹም ደው በሉ። ኣብ ርእሲ እዚ ኩሉ ከኣ ኑቲ ናይቲ ክፉእ ሃልሃል ዚብል ፍላጻታት ኩሉ ክተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። ናይ ምድኃን ቆቡዕ ሓጺን ኣእትዉ። ናይ መንፈስ ቅዱስ ሰይፈውን፣ ማለት ቃል ኣምላኽ ኃዙ። ብኩሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ ጸልዩ። ስለዚ ከኣ ተስፋ ከይቆረጽኩም ስለ ኹሎም ኣመንቲ ኣብ ጸሎት ተጸመዱ። ምእንታይ ውን ክዛረብ ከሎኹ ኑቲ ምሥጢር ወንጌል ብትብዓት ክነግር ቃል ክወሃበኒ ጸልዩ"*(ኤፌ.6:10-19)። እዛ ጠቕሲ እዚኣ ብፍላይ ነዚ ዘሎናዮ ጊዜን ኩነታትን መልሲ እትህብ ጠቕሲ እያ ክብል እደፍር። ኣብዚ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ወርሒ፣ ሽሕኳ ከምቲ ንቡር ንቤተክርስትያን ተጋሲስና ናይ ኣምልኾ ስራሕ ክንገብር፣ ሥጋኡን ደሙን ክንቕበል፣ እንተዘይክኣልና፣ ኣብተን ናብ ዘቤታዊት ቤተርክስትያን ዝተለወጣ ገዛውትና ኮይንና ብዙሕ ጊዜ ቃል እግዚኣብሔር ከምዝሰማዕና፣ ጸሎት፣ መቑጸርያ፣ ምህልላ ከምዝገበርና ኣብ ምሉእ ዓለም ተራእዩ እዩ። ጊዜ እንተ ነዊሑ ግን እቲ ዝነበረና ሀረርታን ትግሃትን እናዘሓለ ክኸይድ ይኽእል። ስለዚ ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት እንደገና ንበራበር፣ እምነትና ተስፋና ፍቕርና ነሓድስ። *"ኢትግድፈነ ወኢትመንነነ፣ ኣምላክ ሰላም ተራድኣና"* እናበልና ነእዊ።

ኣብዚ እንእትዎ ዘሎና ሓዲሽ ዓመት ማቴዎስ ብፍላይ ነዘን ዝስዕባ ባዕሉ ኢየሱስ ንደቀመዛሙርቱ ዝሀቦም ከልተ ማዕዳ፣ መዓልቲ መጸ ንዘክረን። እታ ቀዳመይቲ *"ናብ ፈተና ከይትኣትው ጸልዩ"* (ሉቃ 22:40) እትብል እያ። ቅዱስ ማቴዎስ ከኣ ኣስፍሕ ኣቢሉ *"ክሳዕ ከንድዚዶ ሓንቲ ሰዓት ለኳ ምሳይ ምንቃሕ ኣይከኣልኩምን፣ እምበአር ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን፣ መንፈስ ድልዊ እዩ፣ ሥጋ ግና ድኹም እዩ በሎም"* (ማቴ 26:40-41) ይብለና። ኣብዚ ተዋሂቡና ዘሎ ሓዲሽ ዓመት እምበአር ብሓዲሽ መንፈስን ናህርን ኣብ ጸሎትን ኣምልኾን ንትጋህ። ጸሎት ካብ ፈተና የድኅን፣ ንፈተና ከነሸንፍ ይሕግዘና፣ ወትሩ ንቑሓት ኮይንና ንጸላኢና ክንቃወሞ የበርትዓና እዩ። ኢየሱስ፣ ኣብ መጨረሽታ፣ ኑቲ ኣብ ምድረ በዳ ዝፈተኖ ዲያብሎስ፣ *"ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሰገድ፣ ንእኡ በይኑ ኣምልኽ' ዚብል ጽሑፍ ኣሎ እሞ፣ ኪድ፣ ሰይጣን"* (ማቴ 4:10) ብምባል እዩ ዝሰጐጎ። ንሰይጣን ኣይትሃቦ ስልጣን ከምዝበሃል ንሕናውን ምስ ፈተና ምዝናይ ንዲፍና፣ ቀልጢፍና *"ብሰም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ካባይ ረሓቕ"*!ንበሎ። ብኣጋኡ ከተርሕቖን ከተሸንፎን ምጽዓር ዓብይ ጥበብ እዩ። እታ ካልኣይቲ ጠቕሲ ከኣ፣ *"እቲ ክሳዕ መወዳእታ ዝዕገስ ግና ንሱ ኪድኅን እዩ"* (ማር 13:13) እትብል እያ። ምጅማር ቀሊል እዩ፣ ንዝተወሰነ እዋን ምጉዓዝ ውን ደኃን ይኽውን፣ ክሳዕ መጨረሽታ ምጽናዕ ግን ጀግንነት እዩ። በዚ እዩ መልእኽቲ ዕብራውያን፣ *"እምበአርሲ ኑቲ ብዙኅ ዓስቢ ዝህብ ትብዓትኩም ኣይትደርብዩዎ። ፍቓድ ኣምላኽ ምእንቲ ክትገብሩን ኑቲ ዘተሰፈዎ ከኣ ክትቕበሉን ጽንዓት የድልየኩም እዩ"*(ዕብ 10:35-36) ዝብለና። ቀጺሉ ከኣ እግዚኣብሔር፣ *"እቲ ናታይ ጻድቕ ግና ብእምነት እዩ ዚነብር፣ ንድኅሪት እንተተመልሰ ድማ ብእኡ ባህ ኣይብለንን እዩ"* (ዕብ 10:38) ስለዝበለ፣ *"ንሕና ግና ምስቶም ንድኅሪት ተመሊሶም ዝጠፍኡ ኣይኮንናን። እንታይ ደኣ ምስቶም ብእምነት ዚድኅኑ ኢና"* (ዕብ 10:38-39) ዝብል ናይ ተበዓት መልሲ ይምልስ። ሎሚውን ካባና ዚድለ ዘሎ፣ እዚ ዓይነት ትብዓት እዩ።

ቅዱስ ዮሓንስ፣ ኣብታ መጀመርያ መልእኽቱ፣ "እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ኃጢኣት ከምዘይገብር ንፈልጥ ኢና። ወዲ ኣምላኽ ስለዚሕልዎ እቲ ኩሉ ክፉእ ኣይትንክዮን እዩ" (1ዮሓ 5:18) ብምባል ካብ ፈተና ኮነ ካብቲ ክፉእ ዝሕልወናን ዘናግፈናን እቲ ዋሊታናን ጸግዕናን ዝኾነ መድኃኔ ዓለም ከምዝኾነ የረጋግጸና። እንተኾነ ኣብዚ ዓለም ክሳዕ ዘሎና ብዙኅ ዘደናግረና ነገራት የጋጥመና እዩ። መጽሓፍ መክብብ ነዚ ኣደናጋሪ ኩነታት ከገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፣ *"ኣብዚ ዓለም እዚ ጐየይቲ ኩሉ ሳዕ ኣይቅድሙን እዮም፣ ጀጋኑውን ኣብ ውግእ ኩሉ ሳዕ ኣይስዕሩን እዮም። ጥበበይናታት ኩሉ ሳዕ እንጌራ ኣይረኽቡን እዮም። ብልሀታት ድማ ኩሉ ሳዕ ሃብቲ ኣይኮነሎምን። ከምኡውን ክኢላታት ኩሉ ሳዕ ኣብ ክብረት ኣይበጽሑን እዮም። ነዚ ተመሊሰ ረኣኹዎ። ግናኸ ንኹሎም ጊዜን ኣጋጣምን ይመጾም። ጊዜኻ መኣስ ከምእትመጽእ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ስለዚ ከምቶም ኣብ ከፉእ መርበብ ዝተገፉ ዓሳታት፣ ከምተን ብመፈንጠራ ዝተታሕዛ ኣዕዋፍ፣ ከምኡ ከኣ ደቂ ሰብ ኣብ ዘይተጸበዩዎ ከፉእ ጊዜ ድንገት ምስ ዝወርዶም እዮም ብመፈንጠራ ዝተኃዙ"* (መክብብ 9:11-12)። ምስላ ሃገርና *"ሕማቕ ዘመንሲ ካብቲ ዝገበርካ፣ እቲ ዝኃድገልካ"* ይብል። እምበአር ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት እቲ ጐይታ ተሪኽ ዝኾነ መድኃኒና ብጥበቡን ብኃይሉን መሊኡ ኑቲ ዘጋጥመና ፈተናታትን ከፉእ ነገራትን ምስኡ ኮይንና ከነሸንፎ የኽእለና። ነዚ ወሪዱና ዘሎ ለበዳ ሕማም ከኣ ከም ጽላሎት ብዝቕልጠፈ ቀንጢጡስ ከም ንትሓዋወስ ይግበረና። ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ሓዲሽ ዓመት፣ ምስቲ ኩሉ ኪጋጥመና ዝኽእል ጸገማትን ሽግራትን፣ ኑቲ ኣብ እሪት ዘዳግም ሙሴ ንሕዝቢ እስራኤል ዝሃቦም፣ *"እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ምሳኹም ኪኸይድ እዩ እሞ ኣይጠልመኩምን፣ ከምኡውን ኣይኃድገኩምን እዩ። ስለዚ ጽንዑ፣ ትብዑ፣ ኣይትፍርሁ ብእኣቶም ኣይትሸበሩ"* (ዘዳ 31:6) ዝብል ትስፋውን ዘተባብዕን ቃላት ዕለታዊ መግብና ንግበሮ። ቡሩኽ ሓዲሽ ዓመት ንኩልና። ዝተባረኸን ዝተቐደሰን ሓንስ መስቀል ይግበረልና።

+ [signature]

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ

Metropolitan Archeparchy of Asmara